ኣብ ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ ዝርከቡ ናይ ሕጊ ተሃነፅቲ ምግቢ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት እክሊ ፤ንመሳርሒ ህንፃ ዝውዕል ቀላሚጦስን ካልኦት ንብረታትን ካብ ሕጋውያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም የካቲት 2, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 22, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ራያ ኣላማጣ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 22, 2011 5:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ዕንፀይቲን ስራሕቲ ዕንፀይቲ/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኣቅርቦት ምግቢ /

ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

1 ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲን ግብሪ ዝኸፈለን፣ናይ መቅረባይነት ዘለዎ ምኻኑ መረጋገፂ ዋናን ቅዳሕን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ከቅርብ ዝኽእል ፤

2 ተጫራታይ በቲ ዝቀረበ ዝርዝር መዐቀኒ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ፊርማን ማህተምን ንፁር ኣድራሻ መሊኡ ከቅርብ ኣለዎ።

3 መኽበሪ ጨረታ 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ ቅርሺ) ብጥረ ገንዘብ ወይ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል፤

4 ተጫረቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ ቅርሺ) ብምክፋል ደ/ከ/ስ/ዐ/ፋ/ምም/ር/ንበረት ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ እናመፃእኩም ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም።

5 እዚ ጨረታ ካብ 01/06/2011-22/06/2011 ዓ/ም ቀዳምን ሰንበትን ከምኡውን በዓል ከይሓወሰ ንተከታታሊ መዓልታት ኣብ ኣየር ይፀንሕ።

6 እዚ ጨረታ 22/06/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 5:00 ኣብ ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይኽፈት።

7 ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ እንተሃልዩዎ ተቀባልነት የብሉን፤

8 ነዚ ጨረታ ከዛብዕ ዝፈተነ ተጫራታይ ካብ ምብራር ሓሊፉ ኣብ ዝኾነ ጨረታ ከይሳተፍ ደብዳቤ ይፅሓፈሉን ቢድ ቦንዱ ይውረስን።

9 ጨረታ ምስተከፈተ ብዓርሰ ድሌት ካብ ጨረታ ምግላል ኣይፍቀድን።

10 እዚ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

11 ናይ 2ይን 3ይን ሰዓራይ ከሳብ ውዕሊ ዝኣሰር መኽበሪ ጨረታ (ቢድ ቦንድ) ተተሓሒዙ ይፀንሕ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0914-785717/0914-755064 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle